# ሰላማዊ-ሰልፊ ስለምንታይ !

ኩላትና ሰሚዕናዮን እንዳለወሉ ዘሎናን ፡ ንዕለት 27.04.2012 ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ በርሊን ኩሉ ኤርትራዊ ነባራይ ኣብ ጀርመን ነሸካይድ ኣብ ምሽብሻብ ይርከብ ፡

ስለምንታይ ሰላማዊ ሰልፊ ? ፐቲሽን ? መኸተ... ቀጻሊ መኸተ... !

<u>ከምዝፍለጥ ውሳነ ናይ ኤር/ ኢትዮ. ዶብ/ኮሚሽን ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስ ኣብ 13/4/2012 ልክዕ 10 ዓመቱ ምኳኑ'ዩ ፡</u>
<u>ንመዘኻኸሪ ፡</u> **On 13 April 2002, EEBC published its “final and binding” verdict (confirming Badme, the village the reason why Ethiopia declared war, is a sovereign Eritrean territory).**

ውዕል ኣልጀርስ ነዚ ስምምዕ ንምጽዳቑ ብሓላፍነት ይእዝዝን ይከታተልን ፡ ኣውሓስቲ ናይዚ ስምምዕ ፡ ሕቡራት ሃገራት ፡ ሕ/መንግስታት ኣሜሪካን ፡ ማሕበር ሃገራት ፡ ኣፍሪቃን ኣሮጳን የጠቓልል ፡

ንውዕል ኣልጀርስ ካብ ክልቲኣን ዘየተግበረት ሃገር ብዓንቀጽ §.7 ክሳብ ወትሃደራዊ ስጉምቲ ዝሽይድ መቕጻዕቲ ከምዝውሃባ ይእዝዝ ፡

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንውሳነ ዶብ ኮሚሽን ብዕለት 19.12.2003 ብወግዒ ከምዝነጸገቶ ልዑላውነት መሬት ኤርትራ ጎቢጣ ምህላዋ ኩላትና ንፈልጦ ሓቂ'ዩ ፡

ዶብ ሃገረ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ እቲ ዝተነጸረ ምኳኑን ፡ እኳ ድኣ ልዕሊ ሰለስተ እዋን ምንጻር ዶብ ዝተኻየደ መስርሕ ንማሕበረ-ሰብ ዓለምና ከምጸሓይ ቀትሪ ኣብሪህዎ ይርከብ ፡ ንመዘኻኸሪ ዝኣክል ፡

- ውዕል መግዛእታዊ ዶብ 1900. 1902. 1908 ዓ.ም.
- ውሳነ ፈደሬሽን 1950 §390.ኤርትሮ/ኢትዮጵያ ብመግዛእታዊ ዶብ ፡
- ውሳነ ኤርትሮ/ኢትዮጵያ ዶብ ኮሚሽን ዕለት 13.04.2002.

ኮይኑ ግን ፡ `` ከምቲ ምስላ ኣቦውሃት ዝመሰልዎ ፡ ንብርቱዕ ሕማም ረስኒ ይቕድሞ `` እቲ ጉዳይ ኪንዮ ምጉባጥ ልዑላውነት ዝሽይድ ሰንካም ውዲት ምኳኑ ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ኣብ ልዕሌና ዝተኻየደ ሽርሒ ኣህዛብ ዓለምና ጉቡእ መረዳእታ ረኺቦምሉ ኣሎዉ ፡ ቅድም'ውን እንተኾነ ምስሕሓብ ዶብ መመሳመሲ'ምበር ርእሰ/ነገርሲ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምዕዋት ዝዓለመ ምኳኑ ዝኣክል መረዳእታ ተዋሂብሉ'ዩ ፡

<u>ነቲ ሕቡእ ኣጀንዳ መርበብ ስርዓት-ኣሜሪካ ንምዕዋቱ ግዜ ክዕደግ ነይሩዎ ፡</u>

- ዝተፈላለዩ ምስምሳት ድያሎግ ኣምጺእካ ውሳነ ዶብ ኮሚሽን ምብርዓን ፡
- ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣላሕሊሕካ ፡ እንተተኻእለ ነንሓድሕዱ ክፋጠጥ ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኣብ መጻወድያ ውጥናቶም ተቐይዱ ሓይሉ ምድኻም ፡
- ናይዚ ኩሉ ገንሸል ህዝቢ ኤርትራ ክሽውን ፡
- እቲ ኣስገዳዲ እንኮ ምምሕዳር ዋሽንግቶንን ከደምቱን ምኻኑ ፡

ሕልሚ ጸላእትና ግን ሕልሚ ኮይኑ ፡ ኣብስልሚ ተደብዩ ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንውጥናቶም ብንህዝቢ ዓለም ዘንከረ ብግብሪ ኣፍሺሉ ፡ ብኣንጻሩ ሰዊዱን ሞንጉዱን ኣብዝበረኽ ደይቡ ፡ ንብሩህ መጻኢ ኾሊዑ፡

ሕነሕነ ፍሽለቶም ፡

ንምዕባሌና ንምዕንቃፍ ካብ 2009 ኣትሒዞም ብኣስገዳድን ዓሎቕን ፡ ኢፍትሓውፍን ዘይሓላፍነታውን ፡ 2 ግዜ ዝተስገደደ እገዳ ኣብልዕሌና ወሲኖም ፡ ጌና ካልእ'ቲ እከይ ውጥናት ይፍሕሱ ኣለዉ ፡

ማ/ሰብ ዓለም ዝተሰከሞ ሓላፍነቱ ረሲዑ ፡ ኣገሊጋሊ ናይ ዓመጽቲ ኮይንሉ ኣብዘለወሉ እዋን ፡ ሓላፍነቱ ከልዕል ገና ኣይከኣለን ዘሎ ፡ እዚ ናይ ትማል ዕለት 16.03.2012 መንግስቲ ኢትዮጵያ ፡ ብወሃብ ቃል ምንስትሪ ምክልኻሉ ፡16 ኪሜ ዝኣክል ኣብ ውሽጢ መሬት ሃገረ ኤርትራ ኣትዩ መጥቃዕቲ ከምዘካየደ ንዓለም ገሊጹ `` ከምዚ ዓይነት ተግባር ኣብ መዝገብ ማ/ሰብ ዓለም ክኹነን ዘለዎ ምግሃስ ልዑላውነት ተባሂሉ ሰፊሩ'ሎ ፡ ማሕበረስብ ዓለም ግን ብዘይካ ክልቲኣን ሃገራት ስምምዕ ውዕል ኣልጀርስ ከተግብራ ኣለወን እንተዘይኮይኑ ካልእ ክዛረብ ይስማዕ የሎን በዳልን ተበዳልን ማዕረ ዝርኢ ዝንቡዕ ስነመጐት ፡

ማ/ሰብ ዓለም ዝተሰከሞ ሓላፍነት ክዝክርን ከምወትሩ ውዲት ጸላእትና ከነፍሽልን እቲ እንኮ ምርጫና ሎሚ ጽባሕ ምምካት እዩ ፡

ምናልባት ገለገለ የውሃት ክንደይ ግዜ ሰላማዊ ሰልፊ ፡ ፑትሽን ፡ መኸተ ፡ ውጽኢት'ከ ኣለዎድዩ ዝብሉ ኣይስኣኑን ፡

እንተዘይንምክት ፡ ሓድነትና እንተዘይነደልድል ፡ ባህግና ፡ ድልየትና ድምጽና ፡ ሓዳ እንተዘይከውን ፡ ብዓውታ እንተዘይነድምጽ ፡ ንጸላእትና እንተዘይነጋልጽ ፡ እቲ ኣብልዕሌና ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎ ውዲት ፡ ክፍኣቱን ክብደቱን ምስእንግንዘብ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምካልኦት ህዝብታት ዓለምና ነይሩ እንተዝኸውን ኣበይ ምሃለወ ኢልና ክንሓሰብ ይግብኣና ፡

መኸተና ! ዓወት ኮሚሩ ታሪኽ የመዝግብ ፡ ንጸላእትና ኣኸንዲዱ የናዝዝ'ውን ፡

ውጽኢት ናይሎሚ ህላወና ወትሩ እነካይዶም ስሙር መኸተና ምኻኑ እቲ ሓቂ እዩ ፡ ናይ ጽባሕ በርሃው ዝበለ ትስፉው መጻኢና ብመኸተና እንነድቆም ዝደልደሉን ዝወቀቡን ኣዕኑድ ፍትውቲ ኤርትራ ምኻኖም ናይግድን እዩ ፡

# ሓይልና ኣብ ሓድነትና !
# ግርማና ኣብ ጽንዓትና !

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡

ዓወት ንሓፋሽ !